# ፀዊዒት ኣብ ወፃኢ ኣብ መሳእ ዓለም ንዝትነብሩ ተወለድትን ፈተዉትን ትግራይ

## ዋኒን ናይቲ ፀዊዒት፡ ኣብ እዋን ክረምቲ 2004/2012 ኣብ መዳይ ትምህርትን ተዛመዲቲ ጉዳያትን ኣብ ትግራይ ኣብ ዝግበር ወፈሪ ተዋሳእትን ተሳተፍትን ንክትኮኑ ምዕዳም፡-

## መበገሲ ሓሳብ ናይዚ መፃኢ (2004/2012) ወፈሪ፡-

እዚ ኣብ መዳይ ት/ቲ ዘትኮረ ወፈሪ ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣብ ኣዉሮፓ ናይ ላዕላዋይ ትምህርቶም ኣብ ምክትታል ዝርከቡ ተጋሩ ምስ መቀለ ዩኒቨርስቲ ተሓባቢሮም ብዝወሰድዎ ሰናይ ተበግሶ ዝተጀመረ ፕሮጀክት እዩ፡፡ ኣብ 2010 ኣብ እዋን ክረምቲ ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ኣዉሮፓ ዩኒቨርስቲታትን መቐለ ዩኒቨርስትን ዝተዉፃእዕኡ ተጋሩ ንናይ ሃፀይ ዮሃንስ ላዕላዋይ ካልኣይ ብርኪ ናይ 12ተ ክፍሊ ሃገራዊ ፈተና ተፈተንቲ ተምሃሮ ነፃ ናይ ት/ቲ፡ ናይ ምኽሪ፡ናይ ትምህርታዊ ዑደትን ምይይጥ መድረክን ብዝለዓለ ብቓዓትን ተገዳስነትን ምክያዶም ዝፍልጥ እዩ፡፡ ዝርዝር ናይቲ ዝነበረ ፈላማይ ክረምታዊ ወፈሪ ስራሕ ብክፋል ነዚ ዝስዕብ ይመስል፡-

I. ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ( ካብ ሓምለ 25 - ጳጉሜን 2010) ብናይ ተፈጥሮ ሳይነስ (ብ chemistry, physics እና mathematics) ዓይነት ትምህርትታት ብጣዕሚ ዕዉትን ሚሒር ዛተባብዕ ዉፅኢት ዘለዎን ናይ ነፃ ት/ቲ ኣገልግሎት ተዋሂቡ

II. ኣብ መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ ብመቐለ ዩኒቨርስቲ ስፖንሰርነት ልዕሊ 250 ዝኮኑ ኣብቲ ፕሮግራም ዝተሳተፉ ተምሃሮን መምህራንን ናብ ናይ ተከዘ ሃይድሮ ኤልክትሪክ ግድብ፡ መቐለ ዩኒቨርስቲ ሳይነስን ቴክኖሎጅን ላቦራቶሪታት ዕዉትን ናይቶም ተምሃሮ ናብ ሳይነስ ዘለዎም ስሚዒት ብዓብይኡ ዛለዓዓለን ትምህርታዊ ዑደት ገይሮም፡፡ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዑድት ድማ ናይቶም ተምሃሮ ስሚዒትን ወነን ብዘድነቅ መንፈስ ዛላዓዓለ መደረ እና ምክሪ ብ ዶ/ር ክንደያ ገብረሂዎት (Vice President of MU) ኣና ዶ/ር ኣለም መብራህቱ (Dean of Computational and Natural Sciences of MU) ምስተወሃቦም ኣብ መቐለ ዩኒቨርስቲ ኣብ ናይ ተምሃሮ ካፊተርያ ናይ ምሳሕ እንግዶት ተገይርሎም፡፡ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ድማ ነዚ ወፍሪ ንክሳካዕ ዓብይ ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ ፕሮፌሶር ምትኩ ሃይለ ( President of MU)፣ ዶ/ር ክንዳያ ገብረሂዎት ፡ ዶ/ር ኣለም መብራህቱ፡ ኣቶ ሽፈራዉ (Chemist and Atsye Yohannis Preparatory School Delegate for the Summer Programme) እና ንኩሎም ናይ መቐለ ዩኒቨርስቲ መምህራን ኣብ ናይ ላቦራቶሪ ስራሕቲ ነቶም ተመሃሮ ንምርኣይ ዘተሓባቦሩና ካብ ልቢ ንላዕሊ ብሽም ናይቲ ወፍሪ ኣተሓባበርትን ተምሃሮን ክንገልፅ ንፈቱ፡፡

III. እቲ ወፍሪ ኣብ መወዳእታ ምስቶም ተምሃሮ ኣብ ዝተገበረ ብጣዕሚ ሰሓባይን መምህራይን ዝኮነ ናይ ምይይጥ መድረኽ (Panel discussion) ተዛዚሙ፡፡

ብሓፈሻ ካብቲ ዝሓለፈ ክረምታዊ ወፍሪ ዝተዓዘብናዮ ነገር እንተሃለወ እቶም ኣብ 2ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ዘለዉ ተምሃሮ ካብ ኩሉ ዜጋ ብትምህርቲ ይኩን ብምኽሪ ዓብይ ሓገዝ ከም ዛድልዮምን፡ እዚ እንድሕር ተገይርሎም ድማ ብዘየጠራጥር ብቑዓት ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረከብቲ ዜጋታት ክኮኑ ከም ዝክእሉን እዩ፡፡

ካብ ተምሃሮ ዝረክብናዮ ብኣሻሓት ገንዘብ ዘይትመን ናይቲ ዝተገበረሎም ድሩት ሓገዝ ምስጋና፡ እቲ ፕሮግራም ቀጻልነት ንክህልዎ ምሕጸና ካብ ማንም ንላዕሊ ንዝበለፀ ስራሕ ዛላዓዓልን ንሕሊና ቀሳነት ዝህብን ኮይቱ ኢና ረኺብናዮ፡፡

ብሓፈሻ ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረክብቲ ዝኮኑ ብቑዓት፡ዓርስ-እምነት ዘለዎም ዝተምሃረ ሓዱሽ ወለዶ ንምፍራይ ዋዓል ሕደር ክባሃል ዘይብሉ ናይ ኩሉ ትግራዋይ ዉራይ ክከዉን ከም ዘለዎን ኩላሃተና ክዓ ብዘይ ኣፈላላይ ነዚ ቅዱስ ወፍሪ ክንዘምተሉ ካብቲ ፈላማይ ወፍሪ ዝመዘዝናዮ ዓብይ መለእኽቲ እዩ፡፡

## ፃዊዒት ንክረምታዊ ወፈሪ 2004/2012 E.C

ዝከበርኩም ኣብ ወፃኢ ዓዲ ኣብ መላእ ዓለም ዝትርከቡ ተወለድቲ ትግራይን ፈተዉትን፡ ቅድም ክብል ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ዝነብሩ ሙሁራንን ተምሃሮን ተጋሩ ብዝወሰድዎ ሰናይ ተበግሶ ኣብ እዋን ክረምቲ ኣብ መዳይ ትምህርትን ተዛመድቲ ጉዳያትን ንዝግበር ወፍሪ ኩላትና ኢድና ክንሓዉስን ቀንዲ ተዋሳእቲ ንክንከዉንን ፃዊዒት ምቅራብና ዝፍለጥ እዩ፡፡ ነዚ ፃዊዒት እዉን ክሳብ ሕዚ ብዝተባብዕን ብዘሕብንን መልክዑ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ዝርከቡ ተጋሩን ፈተዉቲ ትግራይን ምላሽ እናሃቡ ይርከቡ፡፡ እዚ ከምዚ እንከሎ ካብ ኣዉሮፓ ዉጪ ዝነብሩ ተጋሩ ወገናትና ፃዊዒት ናይቲ ፕሮግራም ኣብ ኣዉሮፓ ጥራሕ ንዝነብሩ ተጋሩ መሲልዎም ኣብ ካሊእ ኩርናዕ ዓለምና ዝርከቡ ተጋሩን ፈተዉቲ ትግራይን እዉን ካጠቃልል ተገዳስነትን ወገናዉነትን ብዝተመለኦ ስሚዒት ምክሮምን ኣብቲ ፕሮግራም ዝህልዎም ተሳትፎን እናገለፁ እዮም፡፡ስለዚ ኣብ ዉጪ ኣብ መላእ ዓለም ዝትርከቡ ወገናትና እቲ ፕሮግራም መበገሲኡ ዓለም-ለካዊ ወፍሪ ስለ ዝኮነ ንኩሉ ሓብ ወፃኢ ኣብ መላእ-ዓለም ዝነብር ትግራዋይ ዛጠቃልል ምካኑ ሕዚ እዉን ደጊምና እናገለፅና ኩሉኹም ግዱሳት ተወለድቲ ትግራይን ፈተዉትን ናይዚ ወፍሪ ተሳተፍትን ተዋሳእትን ንክትኮኑ ሕዚ እዉን ብዝለዓለ ክብሪ ፃዊዒትና ናቅርበልኩም፡፡

## ዓላማ ናይቲ ወፉሪ፡-

- ኣብ ክልልና ቀፂሉ ድማ ኣብ ሃገርና ኣብ ናይ ዓለም ዕዳጋ ተወዳደርቲ ዝኩኑ ሙሁራትን ልዑል ሃገራዊ ወነ ዘለዎም ዜጋታት ምፍራይ

- ኣብ ዉጪ ዝነብሩ ዝተፈላለየ ክእለትን ፍልጠትን ዘለዎም ተወለድቲን ፈተዉትን ትግራይ ኣተሓባቢርካ ብዝተፈላለዩ ሜላታት ፍልጠቶምን ክእሎቶምን ኣብ ትግራይና ናብ ዝርከብ ሓዱሽ ወለዶ ካሰጋግሩዎ ምግባር
- ኣብ ክልልና ቀዊሉ ድማ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ብዙሓት ግን ድማ ኣብ ጥቅሚ ዘይወዓሉ ሃብትታትና ናብ ረብሓ ሕ/ሰብናን ዕብየት ዓድናን ክቅይሩ ዝክእሉ ሙሁራት ምኩስካስ
- ኣብ ክልልና ከምኡ እዉን ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ሓዱሽ ወለዶ ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረከብቲ ምካኖም ምምሃርን ብኡ መጠን ድማ ዓቕሞም ንክዓቢ ካብ ብሕዚኡ ምዝግጃይ
- ኣብ ክልልና ከምኡ እዉን ኣብ ሃገርና ዘሎ ዕዙዝ ናይ ዝተምሃረ ሰብ ፍልሰት ምቅናስ
- ኣብ ክልልና ከምኡ እዉን ኣብ ሃገርና ንዘመናት ብማዕዶ ክጠማመቱ ዝፀንሑ ሳይነስ-ተክኖሎጅን ሕ/ሰብን ክቀራረቡ ምግባር
- ኣብ ዉጪ ዝነብር ትግራዋይን ፈተዉቲ ትግራይን እብ ምምሕያሽ ፅሬት ትምህርትን ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያትን፣ ከምኡ እዉን ኣብ ምፉራይ ዐርሰ-እምነት ዘለዎን ንዓዱ ግዱሱን ሙሁር ትግራዋይን ዘይተሓለለ ፃዕሪ ንክገብር ምግባር
- ኣብ ዘተፈላለዩ ደረጃ ዝርክቡ ናይ ክልልና ብሉፃት ተምሃሮ ናይ ዉጪ ናይ ትምህርትን ስልጠናን ዝረክብሉ ዕድል ንክህልዉን ድሕሪ ትምህርቶም እዉን ናብ ዓዶም ተመሊሶም ዘገልግልሉ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር
- ሳይንስን ሕ/ሰብን ዛራክቡ ኣብ ሳይነስን ቴክኖሎጅን ዛተኮሩ ናይ ህዝቢ መራከቢ ማዕከናት ( ከም ሬድዮ ፡ ወርሓዊ መፅሔት ወ.ዘ.ተ) ኣብ ክልልና ክቓቆሙን ክሕገዙን ምግባር
- ወ.ዘ.ተ

### ኣብ ዝመፅእ ክረምቲ /2004፣ 2012/ ክስርሑ ካብ ዘተተለሙ ፕሮግራማት ብክፉል፣-

1) ካብ መላእ ትግራይ ( ቃላሚኖ ሓዊሱ) ንዝተዉፃእዕኡ ናይ ሃገራዊ ፈተና ( ናይ $10^{\text{ይን}}$ $12^{\text{ተን}}$ ብሄራዊ ፈተና) ተፈተንቲ ተምሃሮ ናይ ሓደ ወርሒ ፅዑፁዕ ብናይ ተፈጥሮ ( ኬሚሰተሪ ፡ ሒሳብ ፡ ፊዚክስ፡ ስነ-ሂዎት ወ.ዘ.ተ) እና ማሕበራዊ (ኢኮኖሚክስ፡ ታሪክ ፡ ጂኦግራፊ ፡ ቃንቃ ወ.ዘ.ተ ) ሳይንስ ናይ ነፃ ት/ቲ ምሃብ (Delivering summer school teaching programme for grade $10^{th}$ and $12^{th}$ students both in natural and science fields). ካብዚ ብተወሳኺ ምስቲ ስሩዕ ክረምታዊ ት/ቲ ጎድኒ ንጎደኒ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ሃብትታት (ከም solar energy, wind energy, hydro electric power, bio-energy with special emphasis to biodiesel from castor and jatropha plants, biogas from human, animal, agricultural sources ወ.ዘ.ተ ) ንከባቢና እንታይ ዓይነት ረብሓ ከም ዘለዎምን ከመይ ገይሮም ከም ዝሰርሑን ሓጺር ት/ቲ ይወሃቦም፡፡
2) ኣብ መወዳእታ ናይቲ ት/ቲ ፕሮግራም እቶም ተምሃሮን ኣብቲ ፕሮግራም ብቀጥታ ይኩን ብተዘዋዋሪ ዝተሳተፉ ወገናትናን ናብ ናይ ዩኒቨርሲቲታት ላቦራቶሪታት፡ ናይ ሀይድሮ ኤሌክትሪክ ማመንጫ ግድባት፡ናይ ንፋስን ፀሓይ ሓይልን ማመንጫ ቦታታት

፣ ፋብሪካታት፡ ወ.ዘ.ተ ትምህርታዊ ዑደት ምዝግጃይ ( At the end of the summer school, students and staffs of the summer operation programme will have educational as well as professional visits to university's laboratories, hydroelectric power dams, wind and solar energy generation sites, hospitals, nearby factories etc)

3) ኣብ ምክንያት ፍልሰትን መፍትሒኡን ናይ ዝተምሃረ ሓይሊ ሰብ ክልልና ዛተኮረ ናይ ምይይጥ መድረክ ምክያድ (This panel discussion will be basically on the possible sources and mitigating mechanisms for the brain drain of tigrian intellectuals. Moreover, panelists will finally identify all the possible and practical mechanisms that help to reverse brain-drain by brain-gain)

4) ኣብ መቐለ ንኩሉ ክፋል ሕ/ሰብ ዛሳተፈ አብ ሳይንስን ተክኖሎጅን ዛማእከለ ኤግዚብሽን ምክያድ ( This will be a scientific exhibition with the primary aim of narrowing the gap between science and society and this exhibition will be backed with the motto of transforming the traditional saying **science and society** into **science in society**)

5) ዝተፈላለዩ ዝተፈለየ ክእለት ዘለዎም ተወለድቲ ትግራይን ፈተዉትን ዛሳተፈ ኮንፈረንስ ምክያድ (selected interested professionals in different specializations such as scientists, engineers, medical doctors, experts in green energy technology etc from within the country and abroad will show their career to students and the society at large so as to indicate our young students their possible future careers and the demand and applications of these fields towards our region's development).

6) ናይ ምክሪ አገልግሎት ፕሮግራም (this is a consultation programme to our young students and will mainly focus on how to study, use their time properly, how to use libraries, the current global competition and other social and academic related issues)

7) ሳይንስን ሕ/ሰብን ብክልስ ሓሳብ ዘይኮነስ ብተግባር ካራክቡ ዘክእሉ ናይ መራከቢ ሚዲያታት ክህልዉ ምግባር ፡- ኣብዚ ሕዚ እዋን ንናይ ሓንቲ ዓዲ ዕብየት ዓንዲ ሑቖ ተባሂሉ ዝእመነሉ ሳይነስን ቴክኖሎጅን ናብ ሓዱሽ ወለዶን ሕ/ሰብን ክሰርፀሉ ዝክእል ሜላታት ከም ናይ ሬድዮ ፕሮገራም (science radio programme )፡ናይ ሳይንስ መፅሔት (Science Magazine ) ከምኡ እዉን ናይ ሳይነስ ክለባት (science clubs) ፡ ዉድድራት፡ ዓመታዊ ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን በዓላት (annual science festivals) ምጅማርን ምጥንካርን

8) ኣብ ክልልና ዝርከባ ቤተ-ፈተነታት (school, college and university laboratories) ብሙሉእ ዓቕምን ፅሬትን ኣብ ጥቅሚ ንክዉዕላ ምግባር ፡ ካብ ቤት ት/ታት ብሉፃት ዝኮኑ ተምሃሮን መምህራንን ድማ ጎድናጎድኒ ትምህርቶም ናይ ሳይነስን ቴክኖሎጅን ዓቕሞም ዝፈቀዶ ናይ ምርምር ፕሮጀክትታት ንክሰርሑ ምግባር

9) *ኣብ ዝተፈላለያ ዩኒቨርስቲታት ሃገርና ትምህርቶም ኣብ ምክትታል ዝርከቡ ተጋሩ ፈተዉቲ ትግራይን ተምሃሮ ኣብ እዋን ዕርፍቶም ካብ 1ይ ደረጃ እስካብ 2ይ ብርኪ ንዘለዉ ተምሃሮ ንክሕግዙን ምግባርን ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ክረምታዊ- ስርዓተ ት/ቲ ምዝርጋሕን*

10) *ኣብ ዝላዕለ ብርኪ ት/ቲ ዝርከቡ ተምሃሮ ኣብ ትሕቲኦም ( ኣብ ታሕታዋይ ብርኪ ት/ቲ) ንዝርከቡ ተመሃሮ ሒዘምሉ ዝወፁ ስርዓተ - ምድግጋፍ ት/ቲ ምቁቓም ፡፡ ንኣብነት ሓደ ናይ 9ይ ክፍሊ ተምሃራይ ን1ዶ ወይም 2ተ ናይ 2ይ ክፍሊ ተምሃራይ/ተምሃሮ ኣብ ሰሙን ዝተወነ ግዜ እናምሀረ እቶም ተምሃሮ ንፉዓት ንክኮኑ ምግባር* (This is just like one to one or one to two correspondence education same as practically proved Israel's education system)

11) *ወ.ዘ.ተ*

*ስለዚ ኣብ መላእ ዓለም ዝትርከቡ ግዱሳት ተጋሩ ኣሕዋትናን ፈተዉትናን ሕዚ እዉን ካብቲ ዝሓለፈ ወፍሪ ብዝበለፀን ብዝተዓራጀወን መልክዑ ኣጣናኪርና ነቶም ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረከብቲ ዝኮኑ ተምሃሮ ተጋሩ ኣሕዋተና ምስ መንግስትና ሓቢርና ንምሕጋዝ ኣብ ምንቅስቃስ ስለ ዘለና ነዚ ፕሮጀክት ዓቅምና ብዝፈቀዶ ኩሉ (ከም መተሓባበርቲ ናይቲ ፕሮግራም ፡ ት/ቲ ኣብ ምሃብ፡ ኮነፈረንስ ኣብ ምዝግጃይ ፣ ፅሑፍ ኣብ ምቅራብ ፡ ምክሪ ኣብ ምሃብ፡ ነቲ ፕሮግራም ብገንዘብ ይኩን ብሓሳብ ኣብ ምሕጋዝ ወ.ዘ.ተ ) ንክትሳተፉን ኢድ-ን-ኢድ ተታሒዝና ንክንለዓልን ብኣክብሮት ፃዊዒትና ናቅርበልኩም፡፡ ካብ ብሕዚኡ ጀሚርና ቅድመ-ዝግጅት ኣብ ምግባር ስለ ዘለና በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ*(e-mail: wefri_tegaru@yahoo.com) *ዘለኩም ምክሪ፡ ሓሳብ ፡ ክትሳተፍሉ ዝትክእሉሉ መስክ* ( for instance as coordinator, tutor, conference, panel discussion, consulting service etc) *ክተፍልጡናን ብዓብይኡ ድማ ብቀጥታ ተዋሳእቲ ንክትኮኑ ደጊምና ደጋጊምና ክንዉከሰኩም ንፈቱ፡፡*

- *ሕድሪ ሰዋኣትና ናብ ሸትኡ ካብፅሑ ዝክእሉ ሓዱሽ ወለዶ ንምህናፅ ኢድ-ን-ኢድ ተተሓሒዝና ሆ ኢልና ንለዓል*
- *ማይ ምስ ሓለፈ ናብ በዓቲ ዝነገሩ ከይከዉን ዓርሰ-እምንት ዘለዎም ፡ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ተወዳደርቲ ዝኮኑ ናይ ፅባሕ ዓዲ ተረከብቲ ዜጋታት ንምፍራይ ቀንዲ ዉራይና ገይርና ንረባረብ*

*ካብ ዓለም-ለኸ ወፍሪ 2004/2012 ኣብ ወፃኢ ናይ ዝነብሩ ተጋሩ*
*<u>ግዝያዊ መተሓባባሪ ኮሚቴ</u>*

**** ክብርን ሞገስን ናብዚ ንዘብፅሑና ሰዋኣት ኣሕዋትና ይኩን****